# *መበል 54 ዓመት ምጅማር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብክብሪ ተባዒሉ*

*ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለንን ከባቢኣን ብምኽንያት መበል 54 ዓመት ምጅማር ቃልሲህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 19.09.2015 ካብ ሰዓት 17.00 ክሳብ ፍርቂ ለይቲ "ልምዓት ብጽንዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንሕጻናትን መንእሰያትን ወለድን ዘሳተፈ ዕዉት በዓል ተኻይዱ።*

*መደብ ክብርቲ በዓል ባሕቲ መስከረም ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምክፋት ፡ ብኣካየድቲ ኣካላት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ.ከለንን ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብድሕሪ ምቕራብ ንብምኽንያት ዝኽሪ ሓደ መስከረም ምጅማር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃ/ጀርመን ዝተላእከ ረዚን መልእኽቲ ብምንባብ ፡ ንተሳተፍቲ ጽምብል ሓደ መስከረም ናይ ዮሃና መልእኽቲ ቀረበ። ስዒቡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራት ከተማ ከለንን ከባቢኣን ሓድነቶም ውህደቶምን ዝገልጽ መልእኽቲ ውዱ.ታቶም ብድሕሪ ምቕራብ ዕዉት በዓል ባሕቲ መስከረም ንኽኸነሎም ዕዙዝ ትምኒቶም ገለጹ።*

*ብድሕሪዚ ተሳተፍቲ ኣብቲ ተዳለወ ባህላውን ዘመናውን መዘናግዒ ፡ መደባት ብምስታፍ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ቀጸለ። ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ መደብ ጽምብል ክብርቲ ዕለት ሓደ መስከረም ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ከዛዘም ከሎ ፡ ተሳተፍቲ ድማ ንዓመታ ከምዚ የድግመና እናበሉ ብጽቡቕ ምንዮት ተፈላለዩ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ነቶም ምእንታና በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ*

*ኣወሃሃዲት በዓል ሓደ መስከረም ከተማ ከለን ዕለት 19.09.2015*